# ኣብ ብዙሓት ቤተሰባት ናይ መስተን ሓሺሽ ዝመሳሰል መድኃኒትን ሽግር ይርአ

ኣብ እዋን ሽግር ፍቅሪ ዝድግፍ ምኽሪ ዝህብ ቤተሰብ ወይ ኣባል ቤተሰብ እንተ ሀለወ ዝኾነ ሽግር ንምፍታሕ ቅልል ይብል። ኮይኑ ግን ብጣዕሚ ኣብ ውሽጦም ዝፋቀሩ ክኢላታትን ዝተባህሉ ብኹሉ ሰብ ዝፍተዉ ስድራቤት እኳ ሓደሓደ እዋናት ጸገማቶም ክጸወሩ ስለዘይክእሉ ሓገዝ ዘድልዮም እዎናት ኣሎ እዞም ናይ መስተን ናይ ሓሺሽ ጸገማት ጽቡቅ ምሳሌ እዮም።

ሓደሓደ ሰባት እዚ ጸገማት እዚ ንውሱን ስድራቤት ዝኀድእ ይመስሎም ኮይኑ ግን ንኹሉ ማሕበረ ሰባት ቤተሰባትን ሃይማኖትን ይኀድእ እዩ። ከም ባዓል ካርላ (Carla) ጓል 48 ዓመት መምህር ይኀድኦ እዩ ንኣብነት ንግሆ ንግሆ ተላዒላ ንወዳ ወዲ 22 ዓመት ዝኾነ ቶኒ (Tony) ካብ ዝሓድረሉ ገዝኡ ከይዳ ክተንቅሖ ከምኡ ናብ ስራሕ ክተብጽሖን እዚ እንተዘይገይራ ናይ ሓሺሽ ተጠቃሚ ስለዝኾነ ብእዋኑ ክለዓል ኣይክእልን ስርሑ እውን ክስእን እዩ።

ነዚ ክትገብር ኣብ ሰሙን ሓሙሽተ መዕልታት ንዓኣ ከቢድ እዩ። ብዙሕ ግዜ እውን ይወስደላ እዩ ንወዳ ክተንቅሖ ሓደሓደ እዋናት እውን ደንጉያ ናብ ስራሓ ትበጽሕ ብተወሳኺ ሰብኣያ እዚ ምግባራ እንተፈለጠ ስለዝሓርቅ ብዛዕባ ንወዳ እትገብሮ ነገራት ሚስጢር ትገብሮ። ወትሩ እውን ባዓል ቤታ ን ካርላ ብንእስነቱ ንወዳ ጽኑዕ ዝኾነ መምርሕን ምኽርን ምክትታልን እንተትገብርሉ ኔርኪ ከምዚ ኣይምኾነን ኔሩ ይብል ኩሉ ግዜ ስለዚ ብናይ ወዳ ሓሺሽ ጸገማት ዝተላዕለ ይነቅፋ እዩ።

መወዳእታ ካርላ ተረዲኣ ንናይ ኣብ ናይ ሓሺሽን መስተን ኣማኻሪ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ናይ ጥዕ ና ማእከል እቲ ጸገም እንታይ ዝአክል ይኀድኦ ከምዝነበረ ሕጂ ግን እዚ ኩነታት ብምግላጻ ጽቡቅ ስምዒት ከምዝሃባን ንምዝራብ ዕድል ዝረኸበትሉ መጀመርያ እዋን እዩ እቲ መማኸሪ ድማ ንካርላ ብኻልእ ዝተፈላለየ መንገዲ ንወዳ ክትረድኦ ከምትኽእል ሓቢርዋ።

ብዙሓት ሰባት ኣብ ካናዳ ብግልጺ ምስ ናይ ግሊ ሽግር ምስ ኣማኸርቲ ምዝርራብ ዘይተለምደ ሓዲሽ ኩነታት ከምዝኾነ ጌሮም ይሓስቡ። ምስ ሓደ ዘይፈልጥዎ ሰብ ምዝርራብ ባዕሉ ግን ሓገዝ ዘለዎ ምዃኑ ኣይርዱኡን። እንተኾነ ግን ልክዕ ከም ካርላ ከምዝበጸሖቶ ካብ ቤተሰብ ወጻኢ ምስ ጓናን ጋሻን ሰብ ምዝርራብ ንቲ ኩነታን ብዝተፈላለየ መንገዲ ወይ መልክዕ ነቲ ጸገማት ንምፍታሕ ዝሓሸ መንገዲታት ንኽትረክብ ይገድኡኻ።

ሓደሓደ እዋን ሰብ ብፍላይ ናይ መስተን ናይ ሓሺሽ ሽግር ብዝምልከት ካብ ቤተሰቡ ወጻኢ ንኻልእ ሰብ ንምዝራብ ብጣዕሚ ይሓፍር ይኹን እምበር ናይ መስተን ናይ ሓሽሽ ከምኡ እውን ናይ ዘፍዝዝ መድኃኒታት ዝኾነ ዓይነት ኣደንዛዚ መድኃኒታት ጸገም ተሓብኡ እንተ ተረፈ እቲኦም ከምዚ ዝበለ ነገራት ምውሳዶም እንድሕሪ ቀጺሎም ንባዕሎም ኮነ ንቤተሰቦም ጸገም እንዳኾነ ይመጽእ ናይ ሓሺሽን ናይ መስተን ጸገማት ከም ካልኦት ናይ ጥዕና ጸገማት ኩሉ እዚ እውን ናይ ጥዕና ጸገማት ከም ምዃኑ ናይ ጥዕና ባዓል ሞያ ሓገዝ ከድልዮ እዩ።

እንድሕሪ ምስ ዘማኸረካ ወይ ክኣ ምስ ናይ ጥዕና ባዓል ሞያ ብዛዕባ ጸገምካ እንድሕሪ ተዛሪብካዮ እቲ እተዛረብካዮ ሰብ ብዛዕባኻ ንዝኾነ ካልኦት ሰብ ሓበሬታ ከይህብ ብዘይካ ናትካ ድልየትን ምኽርን ከይዛረብ ከምኡ ኣባላት ቤተሰብካ ንኽይነግር ዝኽልክል ጽኑዕ ሕጊ ኣሎ ግን በዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ኩነታት እንድሕሪ ዝምልከቶ እንተኾይኑ ጸብጻብ ክመሓላለፈሉ እዩ (1) እንድሕሪ ንባዕሉ ዝኀድእ ኾይኑ (2) ወይከኣ ንኻልኦት ዝኀድእ ኾይኑ (3) ህጻውንቲ እውን ዝዕምጽ እንተኾይኑ (4) ዓበይቲ እውን ዝዕምጽ እንተኾይኑ ተመሳሳሊ ጽኑዕ መምርሕን ሕግን እውን ነቶም ኣስተርጎምቲ ይምልከት እቲ ዝሓተትካዮ ኣስተርጓማይ እትፈልጦ እንተኾንካ እሞ ምስጢርካ ካይፍለጠልካ እትደልይ እንተኾንካ ወይ እውን ኾንኪ ካልእ ኣስተርጓማይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ወይ ኢኺ።

ናይ መስተን ናይ ሓሽሽን ኣገልግሎት ብብዙሕ ተፈላለይ መንገድታት ብምቅራብ ክሕገዙ ይኽእሉ ሓበሬታ ብምልጋስ ኣማኻርን ሕክምና ናብ ዝህቡ ኣብ ዝሓሸ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ዝረኽብሉ ይመሓላለፉ እንድሕሪ ሓገዝ ኣድልዩካ ንናይ ህዝባዊ ጥዕና ማእከል ደዊልካ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከምዘሎ ክትፈልጥ ትኽእል እንተኾነ ግን እቲ ናይ ስልኪ መስመር ተታሒዙ ምኻኑ እንተፈሊጥካ እሞ ዝሕግዘካ ከምዘይሎ እንተፈሊጥካ ብቀጥታ ናይ ገዛኻ ቁጽሪ ስልኪ ኣብ መልእኽቲ  ግደፍ ኢኻ እሞ ምእንቲ ባዕላቶም መሊሶም ክድውሉልካ ወይ ክኣ መሊስካ ደውለሎም።

The material in this brochure has been adapted from documented by NSW Multicultural Health Communication Service.
This brochure can be reproduced as required.

Canadian Mental Health Association – Edmonton Region Phone: (780) 414.6300 www.cmha-edmonton.ab.ca
Edmonton Mennonite Centre for Newcomers Phone: (780) 424.7709 www.emcn.ab.ca
Multicultural Health Brokers Co-op Phone: (780) 423.1973